# ፕሮግራም ንግድን ምምሕዳርን

ምስ ሰብ ብዙሕ ርክብ ዚሓትት ስራሕ ኪህልወካ’ዶ ትደሊ?
ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲ ምስወዳእካ ብቐጥታ ስራሕ ክትጅምር’ዶ ትደሊ?
ወጻኢ ኬድካ ናይ ምምሃር ወይ ምስራሕ ዕድል ኪህልወካ’ዶ ትደሊ?
ዕብየትን ለውጥን ኣብ ዘርኢ ስራሕ ተወሳኺ ኣፍለጠ ኪህልወካ’ዶ ትደሊ?
ኣብ መጻኢ እዋን ናትካ ትካል ክትከፍት’ዶ ትምነ?
እሞ ፕሮግራም ንግድን ምምሕዳርን ምናልባት ይሰማምዓካ ይኸውን።

ኣብ ፕሮግራም ንግድን ምምሕዳርን ኣብ መሸጣ፡ ኣገልግሎትን ቱሪዝምን ስፍሕ ዝበለ ፍልጠት ትቐስም። እዚኣቶም ወገናቶም ሰፊሕ’ዩ፡ ሓያሎ ጨናፍር-ስራሕ ድማ ይትንከፉ። ብኸመይ ኣገባብ ምስ ዓማዊል ትራኸብን ከመይ ጌርካ ናይ ዝተፈላለዩ ሰባት ድላይን ሓልዮት ኣብ ግብሪ ከምተውዕል ትመሃር። እዋናውያን ሕቶታት ከም እኒ ጽልዋ ከባብን ነባሪ ዕቤትን ድማ ተመዛዝን።

ኣብ ንግድ ወይ መገሻታት ተዋፊርካ ክትሰርሕ በዓል ድላይ እንተኾንካ፡ ስራሕካ ኣህጉራዊ ይኸውን። ፍልጠት ቋንቋን ሌላን ርድኢትን ኣብ ካልኦት ባህልታትን ምስ ዚህልወካ ድማ ፕሮግራም ንግድን ምምሕዳርን ምስ ወዳእካ ወጻኢ ኬድካ ናይ ምስራሕ ወይ ምምሃር ጽቡቕ ዕድል ይህልወካ።

## ትምህርቲ ምቕጻልዶ ይሓይሽ ወይ ስራሕ ምጅማር

ፕሮግራም ንግድን ምምሕዳርን እንተመሪጽካ፡ ካልኣይ ደረጃ ትምህርትኻ ዛዚምካ ብቐጥታ ስራሕ ክትጅምር ትኽእል ኢኻ። እንታይ ዓይነት ስራሕ ትረክብ ብዝወሰድካዮ ኣንፈት ትምህርትን ዓይነት ኮርሳትን ኢዩ ዝውሰን። ኣብ ላዕላይ ደረጃ ትምህርቲ ሞያ ወይ ዩኒቨርሲቲ ተመዲብካ ክትቅጽል’ውን ትኽእል ኢኻ።

## ክትረኽቦ ትኽእል ዓይነት ስራሕ

ፕሮግራም ንግድን ምምሕዳርን ተማሂርካ ምስ ወዳእካ ከም ሸያጢ፡ ተሐጋጋዚ ድኳን (ቢትሬደ)፡ መራሕ-ጕዕዞ፡ ቱሪስት-ጋይድ ኮንካ ክትሰርሕ ትኽእል።

## ትሕዝቶ ፕሮግራም

ፕሮግራም ንግድን ምምሕዳርን ዝተፈላለዩ ኮርሳት ዘጠቓለለ እዩ። ገለገለ ካብቶም ኮርሳት ኣብ ላዕላይ ካልኣይ ደረጃ ንዝሳተፉ ተመሃሮ ግዴታውያን እዮም። ገለገለ ድማ ንፕሮግራም ንግድን ምምሕዳርን ጥራይ ዝምልከቱ እዮም። ሒደት ኮርሳት ድማ ብድላይካ ይምረጹ።

ፕሮግራም ንግድን ምምሕዳርን ክልተ ሃገር-ለኻውያን ኣንፈታት ኣለዋ። ስለዚ ኩሎም ኣብዛ ሃገር ፕሮግራም ንግድን ምምሕዳርን ዝመሃሩ ክመርጽወን ይኽእሉ ማለት’ዩ። ኣብ ገለገለ ቦታታት ንመደብካ ዝሰማምዑ ካብ ክልተ ንላዕሊ ኣንፈታት ክህልዉ ይኽእሉ እዮም። ነማኻሪ ትምህርትን ሞያን ተወከስ።

እተን ክልተ ሃገር-ለኻውያን ኣንፈታት፡

- ንግድን ኣገልግሎትን - ኣብ ቤት-መሸጣ ምስራሕ ወይ ሸቐጥ ዝደሊ
- ቱሪዝምን መገሻን - ስራሕ ኣብ ሆቴል፡ ትካል-ጉዕዞ (ትራቨልኤጀንሲ)፡ ወይ ከም ሓባር-ቱሪስት ኮይኑ ኪሰርሕ ንዝደሊ

## ሌላ ምስ ሞያዊ ናብራ

created using BCL easyPDF Printer Driver
Click here to purchase a license to remove this image

ፕሮግራም ንግድን ምምሕዳርን እንተተመዲብካ ገና ኣብ ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲ ከሎኻ ኢኻ ምስ ሞያዊ ዓለም ትላለ። እንተወሓደ ናይ 15 ሳምንታት ኣብ ኣብያተ-ስራሕ ዝተወዘዐ ስልጠና (ኣርበትስፕላትስ ፎርላገድ ኡትቢልድኒ: ኣፑ) ኣሎካ። እዚ ስልጠናʼዚ እታ ቤትትምህርቲ ምስ ኣብ ጥቓ ትነብረሉ ቦታ ዝርከባ ትካላትን ካልኦት ኣብያተ-ስራሕን ተሓባቢራ እተቕርቦʼዩ። ብኣኡ ኣቢልካ ድማ ምስ ዝተፈላለያ ንኣሽቱን ዓበይትን ትካላት ሌላ ትገብር። እዚ ርክብን ሌላን ከኣ ድሒርካ ስራሕ ኣብ ትደልየሉ እዋን ደገፍ ይኾነካ። እዚ ስልጠናʼዚ ካብ ሽወደን ወጻኢ ኣብ ካልእ ሃገር ክትገበሮ እንተደሊኻʼውን ኣኽእሎ ኣሎ።

## መጻኢ ግዜን ስራሕን

ኣብ ጨንፈር ንግዲ ብዙሓት ሰራሕተኛታት የድልዩʼዮም። እንተደኣ ስራሕ ሸቐጥን ኣብያተ-መሸጣን ዚፍተወካ ኮይኑ ምናልባት ፕሮግራም ንግድን ምምሕዳርን ምስ ተመሃርካ ብቐሊሉ ስራሕ ክትረክብ ትኽእል ትኸውን። ኣብ መዳያት ቱሪዝምን ምምሕዳርን ስራሕ ትደሊ እንተኾንካ ግን ብርትዕ ኪብል ይኽእልʼዩ። ከምዚኣቶም ዝኣመሰሉ ስራሓት ቁጽሮም ውሑድʼዩ ግን ቁጽሪʼቶም ስራሕ ዘናድዩ ብዙሕʼዩ።

created using
BCL easyPDF
Printer Driver
Click here to purchase a license to remove this image